ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي
المكتب التنفيذي

Eritrean National Council for Democratic Change
The Executive Office

**መግለጺ ፈጻሚ ቤት ጽሕፍት ኤሃባደለ ብጉዳይ 40 ዓመት ንግደት ቦሎኛ**

ስርዓት ህግደፍ ዝተጨማደደን ዝኣረገን ቆርበቱ ብንግደት ቦሎኛ ከሓድስ ላዕልን ታሕትን ይብል ኣሎ። ስርዓት ህግደፍ ሎሚ ህዝብን ሃገርን ኣብሪሱ ንባዕሉውን ኣብ ጻዕረሞት ኣትዩ ትልኽ ኣብ ዝብለሉ ሰዓት፡ እንደገና ልቢ ውጹዕ ህዝብና ብዳንኪራን ብሳዕሲዒትን ክሰልብ ምፍታኑ ዝገርም እዩ። እቲ ኣዝዩ ዘገርም ግን እቲ ንልዕሊ 23 ዓመታት ብሰንኪ ህግደፍ ክሳቕ ዝጸንሔ ህዝብና ሎሚውን በቶም መሳሰይቲ ህግደፍ እናተደናገረን እናፈርሐን ዳስ ህግደፍ ከድምቕ ይብገስ ምህላዉ እዩ።

ስርዓት ህግደፍ ቀንዲ ሓይሉ ግዚያዊ መደናገሪ ስልትታት እናተጠቕመ ንህዝቢ ምዝንጋዕ እዩ። ናይ ርሑቕ ብሩህን ጭቡጥን መደባት ከይሃበን፡ ኣብ ሳልስቲ ሳልስቲ ዝቅየር ፖሊሲታት እናቐየረን፡ ዘይጨበጥ መብጸዓታት እናሃበን ንህዝቢ ምድንጋር ኣመሉ ምዃኑ ዘይፈልጥ ዜጋ የለን። ከምዚ እናኾነ ከሎ ግን እቶም ክሳብ ሕጂ ንእከይ ተግባራት ተለኣኣኽቲ ክኾኑ ዝመረጹ ጸረ ህዝቢ ኣካላቱን፡ እቶም ክሳብ ሕጂ ኣብ ፍርሕን ምሽቑራርን ዝነብሩ ዘለዉ ኣካላትን ግን ዘይሩ ዘይሩ ትንፋስ ህግደፍ ቀልጢፉ ከይትሓልፍ ይሕግዝዎ ምህላዎም ክፈልጡ ይግባእ።

ብኣንጻሩ ድማ እምቢ ንሽሕጣንን ንምድንጋርን ህግደፍ! ደጊም ህግደፍ ናብ ታሪኽ ጓሓፍ እምበር ኣብ ኣዳራሽ ቦሎኛ ክምዕርግ ኣይግባእን!! ኢሎም ንኣውያት ህዝብና ዘቃልሑን ንውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ዝጣበቑን ውልቀሰባትን ውድባትን እውን ኣይተሳእኑን። ወጽዓ ክሳብ ዝሃለወ ጸረ ወጽዓ ዝቃለስ ክህሉ ባህርያውን ሰነሞንታውን እዩ። ስለዝኾነ ከኣ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ነቶም ንንግደት ቦሎኛ ንምፍሻል ተበግሶ ዝወሰዱን ብሙሉእ ዓቕሞም ዝንቀሳቐሱ ዘለዉን ሙሉእ ደገፉን ሞገሱን ይገልጽ። ደላይ ለውጢ ዘበለ ኩሉ ኣብዚ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ክውዕልን ንዕኡ ዘድሊ ኣበርክቶ ብዘይ ደረት ክገብርን ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤሃባደለ በዚ ኣጋጣሚ ይጽውዕ።

ስርዓት ህግደፍ ብዛዕባቶም ኣብ ሃገሮም ሓርነትን ፍትሕን፡ ሰብኣዊ ክብርን ስኢኖም ኣብ ሰሙን ካብ ሓደ ሽሕ ንላዕሊ ሃገር ጠንጢኖም ዝኸዱ ዘለዉ መንእሰያትን ኣብ ላምፓዱሳ ዝሃለቑን፡ ፈቓዶ ምድረበዳ ሲናይን ኣብ ማእሰርትታት ዝተፈላለዩ ሃገራት ዝሳቐዩ ዘለዉን ዜጋታትና ከይዘከረ ንቕድሚ 20 ዓመት ዝሃለቑ ዜጋታት ሩዋንዳ ዝኸሪ ምግባሩ ብጣዕሚ ዘስደምም እዩ። ህዝቢ ንዘለኣለም ተደናጊሩ ዝኸይድ መሲልዎ እምበር ህልቂት ናይ ካልኦት ሃገራት ኣህዛብ ዘሕዝነና እኳ እንተኾነ ልዕሊ ህልቂት ህዝብና ንሰርዖ ግን ኣይኮነን። ስርዓት ህግደፍ ግን ከምዚ ዝኣመሰለ ሽግራት ኣብ ካልኦት ሃገራት እምበር ኣብ ሃገርናስ ቅሳነትን ሳዕስዒትን እዩ ዘሎ ንምባል ዝገብሮ ዘሎ ምትላል ምዃኑ ኩሉ ክፈልጦ ይግባእ።

ስለዝኾነ ድማ ኩሉ ደላይ ለውጢ ብሓፈሻ ኩሉ ኣባል ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ድማ ብፍላይ ኣብዚ ንምፍሻል መበል 40 ዓመት ንግደት ቦሎኛ ክሳተፍን ተቓውሞኡ ከስምዕን እዋናዊ ጻውዒትና ነቕርብ። ነቶም ነዚ ሰላማዊ ሰልፍዚ ንምክያድ ተበግሶ ዝወሰዱ ኣካላት ድማ ደጊምና ነሞግስ።

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት - ኤሃባደለ

ዕምሪ ስርዓት ህግደፍ ነሕጽር እምበር ትንፋስ ኣይንሰኩዕን

ዝኽርን ክብርን ንስውኣትና

01 ሓምለ 2014